# ምስክርነት ዕረፍቱ ሐዋርያ በርተሎሜዎስ

www.debresahl.com

1 ሓዋርያ በርተሎሜዋስ ናብታ ኒቆኒኖስ እትበሃል ሀገርእስማኦፊንን ኒኢንዶስን ዝበሃላ አብ ወሰን ባሕሪ ዝተሓንጸ ዓበይቲ ዓድታት ምስ በጽሐ ዓንቀጽ ብፁዓን አስተምሃረ። እቶም ሕዝቢ ድማ እቲ ካብ ሓዋርያ በርተሎሜዋስ ዝሰምዕ ዎ ቃል ወንጌል መዓር ኮይኑ ስለዝመቀሮም ቡሙሉአቶም ብክርስቶስ አመኑ።

2. እንተኾነ ከምቲ ምስላ አቦታትና ጉሒላ ወዲ ዓዲ ከሎ ደምበ አትይዕጾ ከምዝብሃል ስብከት በርተሎሜዎስን እምነት እቶም ሕዚብን ዝረኣየ ሓደ ሰብ ናብ አክርጶስ ዝበሃል ናይታ ሃገር ንጉሥ ከይዱ ዓዲ ክዝመት ዶ ዓይንኻ ይዕመት እንታይ ትገብር አሎካ? ብዘይካ አነን ንስኻን እንተ ዘይኮይንና ኩሉ ሕዚቢ ብናይ ሓደ ዘይረብሕ ሰብ ስብከት ተታሊሎም አሚኖም እዩም እሉ ነገሮ። ንሱ ድማ ወታሓደራት ልኢኹ ናብኡ አቕረቦ። ዮሓ.11፥48

3. ከምዚ ኢሉ ከአ ሓተቶ፥ ንስኻ ዲኻ ንአንስቲ ካብ ሰብኡተን ንሰብኡት ድማ ካብ አንስቶም እንዳፈለኻ ናብ እምነትካ እተእትዎም ዘሎኻ? አንታ መሠርዮ ኢሉ ብቁጥዓ ገንሐ፥ በርተሎሜዎስ ግና መሠርዮ ከምዘይኮነ መልሲ ሃበ። ብወሪኡ ጸጊቡ ስለዝጸንሐ ኸአ ካብ ቅድመይ አርሕቑዎ ኢሉ አዘዘ። ብአጋጣሚ ድማ ሓደ ሰብ አዒንቱ ዝዖረ ኢዱ ዝለመሰትን ረከበ እሞ ካብቲ ንጉሥ ከይረኅቐ ከሎ፥ጸሎት ጌሩ ፈወሶ። እቲ ገና አብ እምነት ዘይቀረበ ንጉሥ ግን ነቲ በርተሎሜዎስ አብ ቕድሚኡ ዝገበሮ ተአምር ርእዩ አብ ክንዲ ዝአምን ለእመ ነበረ ዝንቱ ረድዕ ዉስተ በሓዉርቲነ ሕያዉ ዉኡቱ ያገብአነ ዉስተ ሃይማኖቱ። ግሓ.26፥28።

4. እዚ ረድዒ እንተደአ አብዚ አዉራጃና ቅንይ ኢሉ ናብ እምነአቱ ከምዘእትወና አየጣራጥርን እዩ። ስለዚ ካብ ኩሉ ዝሓይሽ ምቕታሉ ጥራይ እዩ በለ። ከምታ ዝተመነየሉ ንሞት ምስ ወሰነሉ ከአ እቶም ወተሓደራቱ ሥርሑን ተአምራቱን ርዕዮም ብስም ኢየሱስ አሚኖም ስለዚነበሩ ኢምነቶም ቔንጢያቶም እምበአርከስ ካብ አዘዝካናስ ካብዚ ዓዲ አዉጺእና ክንሰዶ ፍቐደልና ኢሎም ለመንዎ።ንሱ ግን ንነገሮም ዋጋ ክህቦ አይከአለን።አብዚ መንጎ እዚ በርተሎሜዎስ መሊቑ ከይዱ ወንጌል ከስተምህር ከሎ ሓደ ካብቶም ዘይአመኑ ስለዝረኸቦ ናብቲ ንጉሥ አክርጶስ ከይዱ ወዮ ሓዋርያ ዝብልዎ ደአ ጉባዔኡ ዘርጊሑ ወንጌል እንዲዩ ዝምህር ዘሎ ኢሉ ነገሮ። አክርጶስ ድማ በሉ ሕጂ ኬድኩም እግሩን ኢዱን አሢርኩም አሠሩ ከይርከብ ናብ ባሕሪ ደርብይዎ ኢሉ ጥብቂ ትእዛዝ ሃቦም።

5. ነቶም ዝተመዘዙ ወታሓደራት ድማ ናብቲ ወንጌል ዝሰብከሉ ዝነበረ ቦታ ካብ ሕሙማት አጋንንቲ ከዉጽእ ጸንሖም። ገጾም ምስ ረአየ ድማ ንዕኡ ንምኅዝ ከምዝመጹ ተረዲኡ ብብሩህ ገጹን ለውሃትን ተቐበሎም፤ ብአቀባብላኡ እናተገረሙ ከአ ንሕና ልኡኻት ንጉሥ ስለዝኾና ክንወስደካ ኢና መጺእና ዘሎና፥ ክትሰዕበና ናብ ንጉሥ ክንወስደካ በልዎ ኢሞ ተተኃጊዞም ናብቲ ንጉሥ ከዱ።

6. አክርጶስ ንጉሥ ምስ ረአዮ አንተኑ ዘሆካ ለሃገር ወኩሉ አድያሚሃ ነዛ ዓዲ እዚአን አዉራጃታታን እትህዉኽ ንስኻ ዲኻ? አንስትና እዉን ከይተረፈ አጥፊካልና ዘሎኻ? ኢሉ ብቁጥዓ ምስ ተቐበሎ፥ በርተሜሎዎስ ጐይታይ አነስ ሃገር አይህዉኽ አንስቲ ካብ ሰብኡተን አይፈላሊ እንታይ ደአ እግዚአብሔር ንዝአመኖ ጸጋኡ ኪህቦ እንተደለየ ነቲ ቃል ወንጌል ናብ ልቡ የኅድረሉ እሞ ዝበለጸ ጸጋ መንግሥተ ሰማያት ንምርካብ ኢሎም ብእኡ አሚም ናብ እዚ ኃላፊ ናብራ ዓለም ይገድፍ። ሸዑ እቲ ሕዝቢ እቲ ለይተይ ምርርቲ ስለዝኾነት ብዘይገበርዎ በርተሎሜዎስ ገቢርዎ ይብሉኒ፥ ገባሪኡስ አይፈልጥዎን ደአ እምበር ካልእ እዩ። ከይትነግሩለይ ደአ እምበር ኢሉ ከአ ሓበሬታ

ሃቦም። ማቴ.5.3-10።

7. ሕጂ እዉን እንተኾነ ንስኻ ነዚ ኃላፊ መንግሥትኻ ኃዲግካ እንተስዒብካዮ ጸጋኡ ከኅድረካ ይክእል እዩ ኢሉ ስለዝተዛረቦ፣ ከየዉዓልኩም ከየኅደርኩም ሕጂ ወሲድኩም ናብ ማኼ አእቲኹም መታን ከጥሕሎ ድማ ሕጻ ወሱድኩም (ጸብለል ክብል ከይረ) ናብ ባሕሪ ደርብዎ ኢሉ ናይ መወዳእታ ፅኑዕ ትእዛዝ አስምዖም። እቶም ልኡካት ድማ ከምዝተአዘዙዎ ናብ ባሕሪ ደርበይዎ። በዚ ድማ ሰማዕትነቱ ፈጸመ። እንተኾነ ሓደ ሓዋርያ ድራር ዓሣ ከይኑ ክተርፍ ዘይፈቅድ ጐይታ፣ አዛዝ ባሕሪ ከም ምኻኑ መጠን እቲ ባሕሪ ብጐይታአ ተአዚዛ እናደፍአት ናብ ወሰን ባሕሪ አብጺሓ ኅደገቶ እሞ ዝረአይዎ ምእመናን ( ክርስቶሳዉያን) ሬሳኡ አልዒሎም አብ ዝግባእ መካነ መቃብር ቀበሩዎ።

ጸሎቱን በረከቱን ምስ ኲልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን፥ አሜን።

ሰላም ለበርተሎሜዎስ ዘጠብለልዎ በሠቅ።
አመ ወገርዎ ሎቱ ዉስተ ባሕር ዕሙቅ።
ቅድመ ጉቡዓን ሕዝብ ትእምርተ ዝንቱ ጻድቅ።
አስተርአየ ዉስተ አዴሁ ዘምስለ ፍሬ ዕፍቅ።
እምጉንደ ሓረግ ዘወይን ዘተመትረ ዓፅቅ። (ዮሐ.15፡5)